# መስትያት

# ጳዊዒት ንድሕነት ሃገርን ህዝቢ ኤርትራን

ክቡራን ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ወጻእን እትርከቡ ደቂ ሃገር፣ ሃገርና ኤርትራ እልፍን አእላፋትን መስዋእትን ስንክልናን ምዝንባል ስድራቤታትን ሰጊራ ነጽነታ ካብ እትጓናጸፍ እንሆ ድሮ 16 ዓመታት ኮይኑ አሎ። ኣብ ውሽጢ እዘን ዝሓለፋ ናይ ነጻነት ዓመታት፣ ኣብ ልዕሊ ዜጋታት እተፈጸመ ግፍዕን በደልን እዝን ከምዝን ኢዩ ነይሩ ኢልካ ንምግላጹን ንምዝርዛሩን ነዊሕ ጊዜን መጽናዕትን ዝሐትት ስለ ዝኾነ፣ ንዕኡ ኣብ ብርሃን ምስ ተበጽሔ ንጊዜ ንክምልሾ ሓዲግና፣ ናብ ህሉው ኩነታት ክንሰግር መሪጽና አሎና።

ነጽነት ኤርትራ ሕጋዊ መልክዑ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ዓለም ምስ ተረጋገጸ፣ ብህግደፍ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ ዝተረኤን ዝርኤ ዘሎን ግፍዒ፣ እንድሕሪ መዚናዮን መሚናዮን ምስ ባዕዳዊ መግዛእቲ ዝወዳደር ዘይኮነስ፣ እንታይ ድአ ንመግዛእታዊ ግፍዕታት ንድሓር ትረፍ ዝብል፣ ደረትን ስነ ምግባራን ኰነ ቁጠባዊ ሚዛኑ፣ ናይ ሕሱም ተግባራት ዕሉል ጸላኢ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።እዚ ሓቂዚ ከም ጽሓይ ቀትሪ ደሚቑ ዝርኤ ኢዩ።

ህዝቢ ኤርትራ ትንቢትን ትጽቢትን ከም ጨው ሓቂቑ፣ በንጻሩ ዕንደራ ውልቀ መላኪ ምስ ዉሑዳት አጋፈርቱን ዝነግሱላን ዝዕንድረላን ሃገር ኤርትራ እምበር፣ ዜጋታት ኤርትራ ዝቐስኑላን ዝሕበኑላን ሃገር ከም ዘይኰነት ንመን ኢና እሞ ክንገልጸሉ። ሓጺሩ አዘራርባ ኤርትራ ዓባይ ቤት ማእሰርቲ ንህዝባ፣ ንውልቀ መላኪ ምስ አጋፈርቱ ከዓ፣ ከምቲ ትምኒት ናይ ጸላእት ኤርትራ፣ ኣብ ልዕሊ ኤርትራን ህዝባን ዝምነይዎ ዝነበረ ዝመስል ለምለም ሰቲ ኮይና ኣላ።

እሞ ድአ ከምዚ እንርእዮ ዘሎና እንተድአ ቀጺሉ፣ ፈይዳ ናይ 30 ዓመታት መሪር ተጋድሎናን ቃልስናን፣ ውጺኢቱ ብርሰት ህዝቢን ዕንወት ሃገርን ጥራሕ ኮይኑ ተሪፉ ማለት ድዩ???? እቲ ሓቂ ነዚ ጥራሕ ኢዩ ዘስምዕ ዘሎ። ነዚ ንከይሽውን ከአ ንቃለስ አሎናሞ ንደጋገፍ ንብል። ምምንጫት ብስልጣን ከም ኢሳያስ ይትረፍ!!!!!

ክቡራን ዜጋታት ደቂ ሃገር፣ ብነጽነት ኤርትራ ዝጣላዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ ዘይኾነስ ጋንታ ህግደፍ ኢዩ። ናይ ቀረባን ርሑቕን መደባቱን ዕላማኡን ብዕምቈት እንተ ገምጊምናዮን መዚናዮን ድሕረይ ሳዕሪ አይትብቈላ ዝዓይነቱ ኢዩ። ከምኡ እውን ኣብ እተፈላለየ እዋን አቦ መንበር ጋንታ ህግደፍ ብልሳኑ ኣብ አኼባታት ካቢኔት አነ ዘየማሓዳድራ ኤርትራ ፋሕ ብትን ትበል እናበለ ከም ጸሎት ዝደጋግሞ ዕለታዊ መዝሙሩ ኢዩ። ብድዔ ኣቦ መንበር ጋንታ ህግደፍ እዚ ጥራሕ አይኾነን። ኣብ ካልእ ኣጋጣሚታት ድማ ንዓና ንኤርትራውያን ከቋናጽበና እንከሎ "እፈልጠኽን ኢየ እኾ ኤርትራውያን!" እናበለ ብዙሕ ኢዩ ዘባጭወልና፣ ንነብሱ ድማ ፍልይ ከምዝበለ ጓና ወይ ድማ ንነብሱ ኤርትራዊ መንነት ከም ዘይብሉ ገይሩ ኢዩ ዝግልጻ ዘሎ። እዚ ኩሉ ብድዔ እንተ ተዓዘብናዮን ገምገምናዮን ከዓ፣ ምስቲ ናይ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዝብሎ ዝነበረ "ንሕና መሬት ኤርትራ ድአ እምበር፣ ህዝባ አየድልየናን" ዝሰማማዕ እዩ። እቲ ዕለት መጸ ጋንታ ህግደፍ ዝገብርዎ ዘሎዉ ጸይቂ፣ እንተ ኣማዛዘናዮ እውን፣ ነዚ ሓቂ ብዝያዳ ኢዩ ዘብርሆ። እዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ከም መእሰሪ ዘይብሉ መአዶ ክበታተን ኤርትራ እውን ብቃልስን ጽንዓትን ተወራሪሳ ዝጸንሓትና፣ ሎሚ ተቋራሪሳ ንከጥፍአ ዝዓ ለመ መደብ ሒዙ፣ ካብ ጊዜ ቃልሲ ኣትሒዙ ንምሩጻትን ምሁራትን ከጥፍእ ዝጸንሔ።

መሰረታዊ ሕልሚ ኣቦ መንበር ጋንታ ህግደፍ ንኤርትራ ዘይመርሐ እንተዝኮዉን ኔይሩስ፣ ንጥፍኣት ዜጋታትን ንዕንወት ሃገርን ከም ነጸላ ተወንዚፍዎ ካብ ዝጉዓዝ፣ መዋእል ኮይኑ ኣሎ። መሰረታዊ እምነቱ ንጥፍኣት ኤርትራ ስለ ዝኾነ ድማ ጉዳይ ኤርትራን ህዝባን ንጉድኒ ሓዲጉ፣ ንጉዳይ ጐረባብቲ ሃገራት ኣብ ቀዳማይ ኣጀንዳኡ ሰሪዑ፣ ንሃገርናን ህዝባን ቀይሕ ደመና ከም ዘንጸላልዋ ገይርዋ ይርከብ ኣሎ።

እዚ ዘግብሮን ዘምርጾን ዘሎ ድማ፣ ብኹሉ መዳይ ኣብ ዘይወጾ ዓዘቕቲ ተሸኺሉ ንምህዳም ስለዝመደበን፣ እታ ዝተረፈቶ ዝጠፈሸት ካርታ ንምጽዋት፣ ነቲ ኣብ ሶማል ዘጋጠሞ ስዕረት ንምሽፋንን፣ ነቲ ካብ ሶማል ዝሰሓበ ኣኽራሪ እስላማዊ ጉጅለ፣ ምስ ኢራንን ገለ ሃገራት ማእከላይ ምብራቕን ኣባላት ዓረብ ሊግን ተሰማሚዑ፣ ኣብ ኤርትራ ግዝያዊ መሰጋገሪ መንግስቲ ሶማል ከም ዝእውጁ ገይሩ ኣሎ። ንኤርትራ ድማ ኣብ ዕዳን ዕንዳዳን ኣእትዩ፣ ንምህዳም ኣብ ዝሓስበሉ ዘሎ እዋን፣ ምስ ናይ ደቡብ ኣመሪካ ነጋዶ ሓሺሽ ካርተል እውን ዓቢ ተራ ከም ዘለዎ፣ ንፋሳት ይነፍሱ ኣለዉ።

ነዚ ግዚያዊ መንግስቲ ሶማል ዘገልግል ስለስተ ወተሃደራዊ መዓስከራትን ፈነወ ረድዮን ተለቪጅንን ንመዓልቲ ከክልተ ሰዓት ብወግዒ ተዋሂብዎምስ ድሮ ፈነወ ጀሚሮም ኣለዉ። እቲ መዓስከራቶም ድማ ኣብ ባጽዕን ኣውራጃ ደንከል ድማ ክልተ ወተሃደራዊ መዓስከርን ከም ዘለዎምን ንምስክሮ ሓቂ ኢዩ። እዚ ዘምረጾ ምክንያት ከዓ፣ ኣቦመንበር ጋንታ ህግደፍ ኣተሃዳድማ ዕቡያት ጌሩ፣ ንሃገር ረማሚሱ ንምህዳም ስለ ዝመረጸ ኢዩ። ጉዳይ ሶማል ብዋጋ መን ? ዝብል ሕቶ ክስዕብ ናይ ግድን ኢዩ ብዋጋ ህዝቢ ኤርትራን ብፍላይ ከዓ መንእሰይ ኤርትራን ድዩ????

ክቡራን ዜጋታት ደቂ ሃገር፣ ንሕና ግንባር ምንቅስቃስ ህዝቢ ኤርትራ፣ ኣቦመንበር ጋንታ ህግደፍ ስነ ምግባሩን ይኩን ካልእ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ንጥፍኣትናን ንብርሰትናን የዘንጻላልወና ንዘሎ ብድሆ፣ ብጥርናፌ እንተ ዘይመኪትናዮ ኤርትራን ህዝባን ኣብ መበል 21 ክፍለ ዘመን ነበረት እያ ነበረት ኘኸይትከውን፣ ኣብ ውሽጥን ኣብ ወጻእን እንርከብ ዜጋታት ኣብ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ናይ ሓባር ኣረኣእያ ንክህልወና በዚ ኣጋጣሚ እዚ ንጽውዕ።

ናይ ኣረኣእያን ኣተሓሳስባን ፍልልይ ዝህሉን ዝዕቀብን፣ ሃገር እንተ ድኣ ሃልያ ጥራይ ኢዩ። ነዚ ክሳብ ሕጂ ክርኤ ዝጸንሔ ናይ “ክልሰ ሓሳብ” ፍልልያትና ኣወጊድና፣ ከምቲ ኣብ ብጊዜ ብረታዊ ተጋድሎና ዘመስከርናዮ፣ ቆራጽነትን ተወፋይነትን ዓሚቕ ሃገራዊ ፍቕርን ብጻያዊ ሓልዮትን፣ ሕጂ እውን ጸረ ጋንታ ህግደፍ ብሓባር ኣብ ሓንቲ ዕላማ ደው ኢልና ሓንሳብን ንሓዋሩን ካብ ሕቆ ህዝብናን መሬትናን፣ ነዚ መንሽሮ ጸረ ህዝቢ ጋንታ ኣልጊስና፣ ኣብ ናይ ታሪኽ ጉሓፍ ኘኽንጉሕፎ፣ ዓዓቕምና ንከነበርኽት ንውህሃድ!! ብመንጽሩ ድማ ርግኣትን ሰላምን ዲሞክራስን ዝዓሰላ፣ ዜጋታት ዝሕበኑላን ዝኾርዑላን ኤርትራ ንምህናጽ ንቃለስ።

ኣብ መደምደምታ መልእኽትና፣ ኣብ እንህቦ መተሓሳሰቢ እዚ ቀጺሉ ዝስዕብ ኢዩ። እቶም ግሩሀት ዜጋታት ኣብ ውሽጥን ወጻእን ንዓመታት ምራቕና ክሳብ እንውድእ እንጭርሓሉ ዝነበርናን ዘሎናን፣ ተግባራት ህግደፍ ብሕልና መዚና “ንሕና ንመንግስትና መንግስትና ንዓና” ብግልባጡ ኢና ክንስርሕ ዝጸናሕናን ዘሎናን እሞ፣ ዕላማ ጋንታ

ህግደፍ ብግቡእ ተረዲእና፣ “ንሕና ንሃገርና፣ ሃገርና ንዓና” ብማለት ነዚ ብሃይሊ ኣብ ስልጣን ኾረሻ ህዝቢ ተወጢሒ ዘሎ ጋንታ፣ ዕላማኡ ካብ -- - - - ካሳብ ንጥፍኣት ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ይነጣጠፍ ከም ዝነበረን ዘሎን ውህሉል ናይ 16 ዓመታት ተሞክሮ ዘብርሆ ሓቂ ስለ ዝኾነ፣ ጌጋና ኣሪምና ብውሽጥን ብወጻእን ኢድን በኛ ኢድን ኮይና፣ ንጋንታ ህግደፍ ምስ ኣቦመንበሮም ነብረያ ነበረ ኝኽንገብሮ ሃየ ካብ ድቃስና ንበራበር!!!!!

ዘለዓለማዊ ክብርን ዝኽርን ንስዉኣትና!!
ነባሪ ሰላምን ቅሳነትን ንህዝቢ ኤርትራ!

ግንባር ምንቅስቃስ ህዝቢ ኤርትራ
ሚያዝያ 1 2007 ኤርትራ